# Renting in Seattle

# ምእታው

ገዛ ተካሪኻ ክትኣቱ ከሎኻ ክትፈልጦም ዝግባእ ብዙሓት ነገራት ኣለዉ። እዚ ብሮሹር (ሓጺር መግለጺ መጽሓፍ)፣ ብዛዕባ ምድላይ ገዛ፣ ምምልካት ገዛ፣ ምድላይ ውሕሉል ሓለፋታት መንበሪ ገዛ፣ ክትኣቱ ከለኻ ዝግበሩ ክፍሊታት፣ ከምኡድማ ናይ ክራይ ውዕል ክትፍጽም ከለኻ ከተስተውዕለሎም ዘሎካ ነገራት ይርከብ።

ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ **www.seattle.gov/rentinginseattle** ወይ ድማ ናብ **Renting in Seattle Helpline (ስልኪ መስመር ሓገዝ ምክራይ ኣብ ስያትል)** ብ **(206) 684-5700** ደውል።



ከይዲ ናይ ሓዲሽ ተከራዩ ኮይንካ ምእታው ካብ ምድላይ ገዛ ይጅምር። ኣብ ከተማ Seattle ገዛውቲ ዘናድዩ ሰባት፣ መብዛሕቱ እዋን ናይ ቴሌፎን ኣፕሊኬሽን ወይ ድማ ኦንላይን ብምኻድ ዝርዝር ናይ ዝካረ ገዛ የናድዩ። ገዛ ትደሊ,ይ ከምዘሎኻ ንምሕባር ናይ ማሕበራዊ መራኸቢ ብዙሓንን ናይ ሞያኻን ናይ ውልቃዊ ማዕከናት መርበብ ርክባት ተጠቐም። ኣብ ክትሕብሮ ዝደለኻ ናይ ኮሚዩኒቲ መለጠፊ ሓበሬታ ሰሌዳ ድሌትካ ኣወዓውዕ። ብዛዕባ ቅቡልን ምኽኒያታዊን ዝኾነ ኣካረይቲ ሓበሬታ ንምርካብ ተወሳኺ መብርሂ ኣብ *www.seattle.gov/findhousing* ተወከስ። ብዛዕባ ክትግዕዝ ከሎኻ ዝስዕብ ወጻኢታት ሓበሬታ ንምርካብ ናይ Community Information Line (መስመር ኮሚዩኒቲ ሓበሬታ) 211 ደውል።

City of Seattle

Tigrinya

# ንምክራይ ምምልካት

- ንምክራይ እትተድሊዮ ቦታ ምስትረክብ፣ ብህጹጽ ናይ መመልከቲ ፎርም ሓበሬታ መሊእካ ስደድ። ሓበሬታ ናይ ተወከስትኻ፣ እቶትካ፣ ከምኡውን ምስ ጉዳይ ምክራይ ገዛ ዝኸዱ ካልኦት ነገራት ኩሎም ኣቐዲምካ ኣዳሉ።
- ኣከራይ ገዛ ሓደ ሰብ ንኽከራይ ብቑዕ ዝገብሮ ነገራትን ብውሕዱ ከማልኦም ዝግብኦ ረቛሒታትን ብግልጺ ክሕብር ኣለዎ።
- ሓደ ኣከራዩ ናይ ምክራይ ብቕዓት ንምምላእ ዝግበር ንመመልከቲ ዝኽፈል ክፍሊት ጥራሕ እዩ ከኽፍለካ ዝኽእል።
- ሓደ ኣከራይ ገዛ፣ ናይ ምክራይ ተኽእሎኻ ብቕዓት ክሳብ ዝጻረ ዝግበር ትሕጃ ዘኽፍል እንተድኣ ኮይኑ ፣ ነዚ ስምምዕ ዝመልከት ናይ ደረሰኝ ጽሑፍ ክህበካ ናይ ግድን እዩ።
- ንምክራይ ዘመልከትካዮ ነገር ምስ ዘይሰልጥ እቲ ንምምማይ ዝወጸ ናይ መመልከቲ ትሕጃ ክምለስ፣ ወይ ድማ ዘመልከትካዮ ነገር ቀኒዑ ክትኣቱ ምዝፍቀድ እቲ ዝከፈልካዮ ትሕጃ  ምስቲ ንኽትኣቱ ዝግበር ክፍሊት ክሕሰብ ኣለዎ።









# ንኹሉ ዘጠቓልል ቅኑዕ ናይ ምክራይ ኣገባብ

- ዓሌትካ፣ ጉዳይ ስንክልና፣ መንነት ጾታኻ፣ ምንጪ እቶትካ፣ እድሜኻ፣ ንክራይ ትኸፍለሉ መዳይ፣ ወይ ድማ፣ ዝኾነ ይኹን መደብ ምኽኒያት ብምግባር ኣከራይ ገዛ ኣየካርየካን ክብል መሰል የብሉን። ብዛዕባ ኣብ Seattle ዝርከቡ ጥብቅና ዝግበረሎም ዝተፈላለዩ መደባት ሐበሬታ ንምርካብ: *www.seattle.gov/civilrights/civil-rights* ተወከስ።
- ናይ ገበን መዝገብ ዘለዎም ኣመልከትቲ ናይ ምክራይ መሰል ኣይኩነኑን እዮም። ንናይ ክራይ ገዛ ዝግበር ናይ መውዕዋዕ መመልከቲ፣ ናይ ማእሰርቲ ታሪኽ ዘለዎም ወይድማ ናይ ፍደኝነት ታሪኽ ዘሎዎም ሰባት ንኸይካረዩ ክኽልክል የብሉን።
- ስንክልና ዘለዎም ተኻረይቲ፣ ምቹእ ዝኾነ መሳለጥያ፣ ከም ቀረባ ዝኾነ ፓርኪንግ ወይ ድማ ንምንቅስቓስ ዘሸግር ስንክልና ምስ ዘጋጥም መደገፊ ዝኸውን ነገር ክጠልቡ ወይ ክስርሓሎም ኣለዎም።
- ኣከራይ ገዛ ኣገልግሎት ክህቡ ዝኽእሉ እንስሳታት ክኽልክል ኣይኽእልን፣ ግን ኣድላይነት ናይ ከምዚ ዓይነት ናይ ስንክልና ኣገልግሎት ካብ ባዓል ሙያ መብርሂ ክሓትትን ክጻርን የኽእል።  ኣከራይ ገዛ ብዛዕባ እቲ ስንክልና ብንጹር ንምፍላጥ ክሓትት ኣይግባእን።

# ናብ ክራይ ገዛ ንምእታው ዝግበር ወጻኢታት

ኣብ ክፍሊታትን ንሴኩሪቲ ዝግበር ዕርቡንን ጥቡቕ ዝኾነ ደረት ኣሎ።

- ዝግበሩ ክፍሊታት ተመለስቲ ኣይኮኑን። ዕርቡን ግን ተመላሲ እዩ።
- ክፍሊታት ንምምልካት ዝግበር መጻረዪ ወይ ድማ ንገዛ መጽረዪጥራሕ ክኸውን ይግባእ።
- ንመመልከቲ መጻረዪ ዝግበር ክፍሊት ልዕሊ 10% ክሳብ ዘይኾነ፣ ድምር ናይ ክፍሊት ካብ 10% ናይ ክራይ ገዛ ክበልጽ የብሉን።
- ንሴኩሪቲን ንዕርቡንን ተባሂሉ ዝኽፈል ክፍሊት ተደሚሩ ካብ ንሓደ ወርሒ ክራይ ገዛ ዝኽፈል ክፍሊት ክዛይድ የብሉን።
- እንስሳ ገዛ ምስ ዝህልወካ፣ ኣከራይ ገዛ ካብቲ ክራይ ገዛ 25% ንላዕሊ ናይ ዲፖዚት ዕርቡን ክኽፍለካ የብሉን።
- ንስንክልና ኣገልግሎት ዝህቡ እንስሳታት ተባሂሉ ዝኽፈል ናይ ፔት ዲፖዚት ዕርቡን ኣይኽፈልን እዩ።
- ኣከራይ ገዛ ናይ እቲ ክራይ ናይ መወዳእታ ወርሒ ክፍሊት ኣቐዲሙ ክኽፍል ይኽእል።

**ኣብነት 1:**

Lee ወንደላጤ እዩ። ወርሓዊ ክራይ ገዛ $1,000 እዩ።

ኣከራይ ገዛ ንተኸራይ ኣቶ Lee $45 (ምምልኻት ክራይ ገዛ ንምምማይ)፣ $55 (ናይ ምጽራይ ጎሓፍ ኣገልግሎት)፣ $900 (ናይ ዲፖዚት ዕርቡን)፣ ብድምር $1,000 ክኽፍሎ ይኽእል።

| ወርሓዊ ክራይ ገዛ | $1000 |
|---|---|
| ዕርቡን ሴኩሪቲ ዲፖዚት | 900 |
| ክፍሊት መጽረዪ ገዛ | 55 |
| ንምምማይ ዝግበር ክፍሊት | 45 |

| ወርሓዊ ክራይ ገዛ | $2000 |
|---|---|
| ዕርቡን ሴኩሪቲ ዲፖሲት | 1800 |
| መጽረዪ ገዛ | 110 |
| ክፍሊት መጽረዪ ገዛ | 90 |
| ናይ ፔት ዲፖዚት | 500 |

**ኣብነት 2:**

Tracyን Morganን ምስ ክልተ ደቆም፣ ኣርባዕተ ስድራ ይባሃሉ። ሓደ ከልቢን ሓደ ድሙን ኣለዎም። ወርሓዊ ክራይ ገዛ $2,000 እዩ።

ኣከራይ ገዛ ንTracyን Morganን $90 ($45 x 2 ንምምማይ ክፍሊት)፣ $110 (ገዛ ንምጽራይ)፣ $1,800 (ንዲፖዚት ዝኽፈል ዕርቡን)፣ ብድምሩ $2,000 ክኽፍሎም ይኽእል። ብተወሳኺ ኣከራይ ገዛ $500 (ናይ እንስሳት ገዛ ዲፖዚት) ክኽፍሎም ይኽእል።



## መደብ ኣከፋፍላ

- ንምግዓዝ ዝወጽእ ክፍሊት፣ ናይ ሴኩሪቲ ዕርቡን፣ ናይ እንስሳት ገዛ ዲፖዚት፣ ናይ መወዳእታ ወርሒ ክፍሊት ዝግበር መደብ ኣከፋፍላ ወይድማ እንስቶልመንት ፕላን ክትገብረሉ ትኽእል።
- ኣማራጺ መደብ ኣከፋፍላ፣ ማዕረ ክንደይ ተኻሪኻ ንክትጸንሕ ከምዝተሰማማዕካን ኣብ መንጎኻን መንጎ ኣካራዪን ዝተገብረ መንጎኣዊ ስምምዕን ይውስኖ።
- ኣካራይ ገዛ፣ መደብ ኣከፋፍላ ስለዝመረጽካ ብምቕዋም ንኸየካርየካ ምውሳን ወይድማ ንትኽፍሎም ነገራት ክብ ከብሎም ኣይኽእልን።

## ናብ ክራይ ገዛ ክትግዕዝ ከሎኻ ትኽተሎም ዝርዝር ነገራት



- [ ] ቅድሚ ዕርቡን ናይ ዲፖዚት ምውሳዱ ዝርዝር ኩነታት ናይ ዝካረ ገዛ ኣከራይ ገዛ ይሀብ።
- [ ] ቅድሚ ምስ ኣከራይ ገዛ ውዕል ምፍርራምካ ኩሉ ነገር ትኽክል ምዃኑን ከልወጥ ዘለዎ ነገር ድማ ንኽልወጥ ብምሕባር ዝርዝር ነገራት ብደንቢ ኣስተውዒልካ ከሊስካ ኣንብቦ። ቅዳሕ ናይ ውዕል ምሳኻ ኣቐምጥ።
- [ ] ካብ ገዛ ለቒቕካ ክትወጽእ ከሎኻ፣ ኣከራይ ገዛ ናይቲ ውዕል ዝርዝር ብምውካስ ዝተበላሸወ ነገር እንተሎ ንምርግጋጽ ይምርምር።
- [ ] ብተወሳኺውን፣ ኣከራይ ገዛ፣ ብዛዕባ መሰል ተኻረይቲ፣ መሰል ኣከራዩን-ተኸራዩን ዝነግር ቅዳሕ፣ ከምኡ ድማ ብከተማ Seattle ዝሕተቱ *Information for Tenants (ሓበሬታ ንተኸራይ)* ክህበካ ናይ ግድን እዩ። ናይ ምምራጽ ምዝገባ ዝሕብር ፎርም ሓቢሩ ይቐርብ:: ኣብ ሓዲሽ ኣድራሻኻ ተመዝጊብካ ናይ ምምራጽ መሰልካ ክትገብር ከምዘሎካ ኣይትረስዕ!

## መፋትሕ ዓወት

ናይ ክራይ ገዛ ውዕል ቅድሚ ምፍራምካ ናይ ውዕል ኣካይዳን ኣፈጻጽማን ሕግታት ከትርድ ኦም ኣሎካ። ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ተመልከት:

- ውዕል ክራይ ገዛ ክሳዕ መዓስ እዩ?
- ውዕል ክራይ ገዛኻ ብኸመይ እዩ ዝዛዘም?
- ንምሕዳስ ዘኽእል ካልእ ኣማራጺ ኣሎካ ዶ?
- ምስ ክራይ ገዛ ዝተኣሳሰር ዩቲሊቲ ወይ ካልእ ዓይነት ክፍሊት ትኸፍል ዶ?
- ኣጋይሽ ናይ ምእንጋድ ሕግታት እንታይ እዮም?

ብዛዕባ ናይ ክራይ ውዕል ዝግበር ስምምዕ ሓገዝ ንምርካብ ምስ እትደሊ ይ ኣማኻሪ ርኸብ። ናይዚ ቅዳሕ ብቀሊሉ ክትረኽቦ ኣብትኽእለሉ ኣቐምጥ። ካብ ኣከራይ ገዛ ቅዳሕ ናይምርካብ መሰልካ ዝትሓለወ እዩ።



## ዝከራይ ገዛ ምዝጉብ ዲዩ?



- ሓደ ሓደ ሓለፋታት እኳ እንተለዎ፣ ዝተኻረካየ ገዛ ኣብ ከተማ Seattle ክምዝገብ ኣለዎ። ዝተኻረካየ ገዛ ኣብ ከተማ ዝተመዝገበ ምዃኑ ወይ ክምዝገብ ከምዘለዎ ንምፍላጥ *seattle.gov/rrio* ተመልከት (ኣብ ዝብል ሕጡብ ተመልከት)።
- ዝካረይ ቦታ ብውሕዱ ክማላእ ዘለዎ ነገራት ከማልእን ስታንዳርዱ ዝሓለወን ክኸውን ይግባእ። ክፍተሹ ዘለዎም ነገራት ዘጠቓልሎ ነገራት:
  - ትኪን ካርበን ሞኖኦክሳይድ ዝሕብሩ መሳርሒታት
  - ስኽፈቱን ዝሸጎሩን መሳኹቲ
  - ኣብ መእተዊ ዝርከቡ መፋትሕ ምሽጓጦም ኣረጋግጽ
  - ቀጻሊ ምቕት ዝሕብ ነገር
  - መሳኹቲ ክፍሊ መደቀሲ

**City of Seattle**
Seattle.gov/rentinginseattle
መስመር ሓገዝ (206) 684-5700

Seattle ኣብ ንኹሉ ዝሓቁፍ ጵንባረን ማዕርነት ዜጋን እያ ትኣምን። ስደተኛታትን ዑቕበኛታትን ኣብዚ ከተማ ሓንጎፋይ ኢልና ንቕበሎም። ኩነታት ጉዳይ ስደተኛነት ብዘየገድስ፣ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ከተማ Seattle ንነበርቲ ብዛዕባ ዜግነትን ካልእ ጉዳያትን ኣይሓቱን።

ስንክልና እንተድኣ ሃሊዩካ እሞ ብዛዕባ ስንክልና ብካልእ ኣማራጺ ዓይነት ሓበሬታ ካባና እንተደሊኻ ናብ መስመር ሓገዝ ደውል። ናይ ምስማዕ ጸገም ንዘለዎም ዝግበር ሓገዝ TTY መስመር (206) 233-7156 እዩ።

**ኣገልግሎት ትርጉም ኩሉ ጊዜ ቅሩብ ኣሎ። እዚ ሰነድ ኣብዚ ዝስዕ ክትረኽቦ ትኽእል:**
English • Spanish • Oromo • Somali • Amharic • ភាសាខ្មែរ • 中文 • 한국어 • ພາສາລາວ
русский язык • ภาษาไทย • Tigrinya • Tiếng Việt